# <u>ምስ ኢትዮጵያ ዘራኽብ ዶባት ተኸፊቱ ማለት</u>

## <u>ዘቤታዊ ፖለቲካዊ ጸገም ኤርትራ ተፈቲሑ ማለት ኣይኮነን</u>

### ሻሙናይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ስለዚ ነዚ ጭቡጥ ሕመቕና ብግልጺ ተቐቢልና፡ ኣወንታና ዓቂብና፡ ካብ ጉድለታትና ተማሂርና፡ ንትምክሕቲ ጸበት በለጾ ድሑር ኣረኣእያታት ወጊድ ኢልና፡ ኣብ ወረቐት ብዝፈሰረ ቅኑዕ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ዕላማታት ነብስና ከይተዓሻሸና፡ ግዜ ከይቀደመና ውህደት ፈጢርና ንቀጻልነትና ከም ጥሙር ህዝብን ልኡላዊት ሃገርን ጽባሕ ዘይኮነ ሕጂ ክንቀዳደም ኣለና፡ ኣብ ዝብል ምስ በጻሕና ኢና ኣቋሪጽናዮ ኔርና፡ ሻሙናይ ክፋሉ እነሆ ቀጺሉ ይቐርብ፡ ምክትታልኩም ከኣ ኣይፈለየና።

ለ. ኣብ ምፍታሕ ህልዊ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ጸገምና ካብ ኤርትራውያን ምሁራት ዝግበር ትጽቢት፡-

ትምህርቲ ክበሃል እንከሎ ካብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ኣስኳላ (ቀለም) ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብዕድመ፡ ብተመክሮ፡ ዝርከብ ሞያን ፍልጠትን ዘጠቓልል'ዩ። ስነ-ፍልጠት ንወዲ-ሰብ ኣካል ማሕበራዊ እንስሳ ከም ዝኾነ ይምህር። ግን ከኣ ካብ ኩሎም እንስሳታት፡ ናይ ምሕሳብ ምምርማር ንባህሪያዊ ልግሲ፡ ከም'ቶም ካልኦት እንስሳታት ዘቤትን ዘገዳምን ከም ዘለዎ ዝጥቀም ዘይኮነስ፡ ንኣጠቓቕማኡ ብዝቐለለ፡ ዝመቀረ፡ ብዓይነትን ብዓቕንን ናይ ምፍራይ ፍሉይ ክእለት ዘለዎ ፍጡር ምኻኑ የረድእ። ባህሪያዊ ልግሲ ናብ ረብሓኡ ንምቕያር ኩሉ ግዜ ክሰርሕ፡ ክመሃር፡ ክመራመር ከም ዘለዎ፡ ከምኡ እንተዘይገይሩ ግን፡ ህይወቱ ስሩዕ፡ ውሑስ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ክኸውን ከምዘይኽእል'ውን ይመክር።

ትምህርቲ ሓደ ዓውዲ ኣይኮነን። ትምህርቲ ዓይነት ብዙሕ'ዩ። እቲ ሓደ ካብ'ቲ ካልእ እናተደጋገፈ ወይ እናተመጋገበ ብቐጻሊ ማዕባሊ መስርሕ ደኣምበር፡ ደረት ግዜ ተቐሚጥሉ ኣብ ውሱናት ሰባት ዝተገደበ ኣይኮነን። ንኣብነት ሓደ ሰብ ብተፈጥሮኡ በሊሕን ህርኩትን ኮይኑ፡ ኩነታት'ውን ሓጊዝዎ ሓደ ዓይነት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ክልተ ሰለስተ ዓውድታት ትምህርቲ ደሓን ዝበሃል ኣፍልጦ ክህልዎ ይኽእል'ዩ። እዚ ማለት ግን ካብ ካልእ ዝኾነ ሞያዊ ሓገዝ ኣየድልዮን ናይ ሊቕነት መወዳእታ ወኒኑ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ብዝኾነ ኣድላይነት ትምህርትን ምሁርን ብፍላይ ኣብ ከምዚ ንሕና ንርከበሉ ደረጃ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ ኣዝዩ ዕዙዝ ምኻኑ ግን ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣቱ ኣይኮነን። ትምህርትን ምሁርን ኣብ ድቕድቕ ጸልማት ዘዕንቅፈካ ነገር ትሪኣሉ መብራህቲ ላምባዲና ከም ምርካብ ዝቑጸር'ዩ።

ይኹን ግን ኩሉ ትምህርቲ ይንኣስ ይዕበ ረብሓ ዘለዎ ክኸውን እንከሎ፡ ኩሉ ቀዳማይ ካልኣይ ድግሪ እናበለ ኣብቲ ዝለዓለ ናይ ሊቕነት ደረጃ ዶ/ር ፕሮፌሰር ዝበጽሐ'ሞ ካብ ፍሉጥ ኮለጃትን ዩኒቨርሲቲን ምስክር ወረቐት ዝሓዘን ንዘይተማህረ ሕብረተ-ሰብ ወይ ነቲ ንሱ ዝተፈጥረሉ ህዝቢ ፍልጠቱ የካፍል'ዩ ማለት ኣይኮነን። ንዝወነንዎ ትምህርቲ፡ ምሉእ ዓቕሞም ተጠቒሞም ኣብ ምልዋጥ ሕብረተሰቦም ዝግልገሉ ኣብነታውያን ህዝባውያን ምሁራት ኣለው። ብኣንጻሩ ነታ ዝረኸብዎ ፍልጠት ንውልቆም መቐረሚ ዶላር ዝግልገሉላ፡ ንዝተፈጥርሉ ድኻን ዘይተማህረን ሕብረተ-ሰብ ዝንዕቁላ ዘቆናጽቡላ ምሁራት ድማ ኣለው።

ስለዚ ኣድላይነት ትምህርትን ንምሁር ክፍሊ ክወሃብ ዘለዎ ክብርን ኣብ ቦትኡ'ዩ። ካብ'ቶም ጸሓይ ብብርሃና ኣብ ጸልማት ዝነብሩ ዘለው ብሚሊዮናት ዝቑጸሩ ህዝብታት ኤርትራ፡ እንተ በቲ እንተ በቲ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክሳተፉን ኣብ ደረጃ ሊቕነት ክበጽሑን ዕድል ዝረኸቡ ውሑዳት ኤርትራውያን ምሁራት ዝግበር ትጽቢት ከኣ ልዑል'ዩ። ኤርትራ ከም'ቲ ብፍልጠት ኣብ ዝዘቕበበ ገለ ምዕራባዊ ዓለም ዝረአ ትርፊ ምሁር የብላን። ኤርትራውያን ምሁራት ንህዝብታት ኤርትራ ብርቂ 'ምበር ትርፊ ከምዘይኮኑ፡ ኣዝዮም ተደለይትን መብራህቲ ህዝብታት ኤርትራ ምኻኖም ብግቡእ ብሓላፍነት ይርድእዎ ድዮም ዝብል ሕቶ ግን፡ ከዛርብ ከምዝኽእል ኣየካትዕን። ስለምንታይ'ሲ ካብ ሓፈሻውነት ወጺእና ኤርትራውያን ምሁራት ኣብ'ዚ ህዝብን ሃገርን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዘቤታዊ ገዛኢ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ እንፈት ዘንቆልቁልሉ ዘለው ኣሰካፊ ወቕቲ፡ ብመንጽር ፍልጠቶም ክስከምዎ ዘለዎም ህዝባውን ሃገራውን ሓላፍነት ዝርድኡን ዝትግብሩን ካብ'ቶም ውሑዳት ኣዝዮም ዝወሓዱ'ዮም።

ብፍላይ ኣብ ምዕራባውያን ደሞክራስያውያን ሃገራት ዝነብሩ ገለ ኤርትራውያን ምሁራት፡ ኣብ ርእስቲ ዘለዎም ናይ ኣካዳሚ ብልጫታት፡ ልኡላውነት ህዝባዊ ስልጣን ማለት እንታይ ማለት'ዩ? ልኡላውነት ሕጊ ማለት እንታይ ማለት'ዩ? መንግስታዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ከመይ ይርከብን ይሰኣንን? ህዝቢ ንመራሕቱ ከመይ ይቆጻጸር? ሃብቲ ሃገር ከመይ ይከፋፈል? መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ማለት እንታይ ማለት'ዩ? ከመይ'ከ ይተሓዝን ይኽበርን፤ ብታሪኽ ወይ ብክለሰ-ሓሳባዊ ተንታን ዘይኮነ ብተግባር እናረኣይዎን እናተጠቕምሉን፣ ምስሊ ናይ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ እንኮ ሰባዊ ፍጹም መላኺ መንግስታዊ ጉጅለ፡ ብግልባጥ ናይ'ቲ ክውን ሓቂ ኮሓሒሎም፡ ምስ ደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ከላልይዎ ዝገብርዎ ጸፋዕፋዕ እንክትዕዘብ ከም'ዚ ዓይነት ትምህርትን ምሁርን እውን ኣሎ'ዩ ትብልን ይድንጽወካን።

ኣብ'ዚ ልዑል ምሁራዊ  ሓሳብ ዘድልየሉ ኣስታት ናብ 30 ዓመቱ ዝገማግም ዘሎ ሕሱም፡ ኣዝዩ ሕሱም ዘቤታዊ መግዛእቲ ኤርትራ፡ ተሳትፎ ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ጉዳያትን ህዝባዊ ውግንናን ኤርትራውያን ምሁራት ብዓይነት ኮነ ብዓቐን ነቲ ብልዑል ሃንቀውታ ንጽበዮ ዘዕግብ መልሲ ዝህብ ኣይኮነን። ካብ'ቶም ብሓቂ ንሃገራዊ ሰላም፣ ህዝባዊ ደሞክራሲ፣ ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ፣ ክብረት መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፣ ጸረ-ድሕረትን ድኽነትን ብእምነትን ብተግባርን ድምጺ ህዝቢ ኮይኖም ዘቃልሑ፡ መውጽኦ ኣንፈት ዝሕብሩ ደሞክራስያውያን ምሁራት፡ ቅድሚ ናይ ሰብ ክብረት፡ ክብረት ግኡዝ መሬት ዘሰራስሩ፡ ናብ ካድራት ውልቀ መላኺ ተቐይሮም፡ ብትምህርቶም ንዘይተማህረ ወገኖም ዘደናግሩ ምሁራት ይበዝሑ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ኣብ ምድሪ ኤርትራ ዘሎ ሓቅን ህዝቢ ብምረት ዘልዕሎ ጠለብን ንጎኒ ብምግዳፍ፡ ንመላኺ ኢሳያስን መጋበርያኡ ህግደፍን ከሐጉሱ፡ ነቲ ብዓቕሊ ጽበት ዘርምዘርሞ ዝኸውን ዘሎ ህዝቢ ጽቡቕ ኣለኻ ሓልዮት ንህዝቢ መን ከም መንግስቲ ኤርትራ እናበሉ ከይተሰከፉ፡ ንቐባሪ ከርድኡ ሓኾት ዝብሉ ብዙሓት ምሁራት ርኢና ኢና።

ዝያዳ ብሩህ ንምግባር ኤርትራውያን ምሁራት፡ ኤርትራ ካብ ግዳማዊ መግዛእቲ ናብ ዘቤታዊ መግዛእቲ ካብ ዝተሰጋገረትሉ 1991 ክሳብ'ዚ ምህላውን ምቕጻልን ከም ጥሙር ህዝብን ልኡላዊት ሃገርን ኣብ ስክፍታ ኣቲናሉ ንርከብ ኣዝዩ ኣሻቓልን ኣሰካፍን መድረኽ ብከም'ዚ ዝስዕብ  ክግለጹ ይኽእሉ።

1. ዘይደሞክራስያዊ ጸረ-ህዝቢ ኣተሓሳስባ ወሳኒ መሪሕነታዊ ኣካል ህግደፍ ስትዮም ዝዓበዩ፡ ንቕድሚት ዘይኮነ ንድሕሪት ተመሊሶም ኣብ ነበርና ገበርና ዝነብሩ ምሁራት፤

2. ኣብ ኤርትራ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ናይ ሰርዓት ለውጢ ክህሉ ዝደልዩ ግን ከኣ፡ ብፋሽሽታዊ በትሪ ህግደፍ ርዒዶም ብነብሰ ፍትወት ስቕታ ዝመረጹ ምሁራት፤

3. ደረጃ ናይ'ቲ ንሶም ዝነብርሉ ዘለው ምዕራባዊ ዓለም በጺሕዎ ዘሎ ማሕበረ ፖለቲኮ ኢኮኖሚ ምዕባለን ብኡ መጠን ዝኸተሎ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብን ህዝብታት ኤርትራ ዝርከብሉ ኩለንተናዊ ደረጃ ምዕባለን ዘለዎ ፍልልይ ኣብ ጸብጻብ ከየእተው፡ ኤርትራ ሕጂ ምዕራባዊ ዓለም ዝኸተሎ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ክትክተል ኣለዋ ዝብል፡ ካብ'ቲ ንኤርትራ ምስ ኣናብር ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኤስያ ክንሰርዓ ኢና ዝብል መኻን ጭርሖ መሪሕነት ህግደፍ ዘይፍለ፡ ምስ ጭቡጥ ክውንነት ኤርትራ ኣብ ቀረባ ዘይርከብ ናይ ተስፋ እንጀራ ዘስምዑ ምሁራት፤

4. ምስ ገለ ጎረባብቲ ሃገራት ኤርትራ ካብ ዘለዎም ዘይፖለቲካዊ ተራ ዝኸሓነ ጽልኢ ነቒሎም፡ ኣብ'ተን ኣምሪሮም ዝጸልእወን ሃገራት ዘለው ንህዝብታት ኤርትራን ልኡላውነት ኤርትራን ብመትከል፡ ብሕግን ብተግባርን ዝቐርብዎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ብኽንዕና ዘይራሉ፡ ኣላሕሲሶም ዝሃርሙ፡ "ዘይኩርምትኻ ሑጻ ቆርጥመሉ" ዓይነት ብደምን ህይወትን መሳኪን ኤርትራውያን ሕሉፋት ሃገራውያን ኮይኖም ክረኣዩን ክኽበሩን ዝደልዩ ምሁራት፤

5. ኢዶም ከይሓወሱ፡ ኣረኣእያኦም ከየነጸሩ፡ ንለውጢ ዘለዎም ድልውነት ብተግባር ከየረጋገጹ፡ ምሁራት ስለዝኾኑ፡ ዶ/ር ፕሮፌሰር ስለ ዘበሉ ጥራሕ፡ እቲ ተወዲቡ ዝቃለስ ዘሎ ሓይልታት ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ስልጣን ስለዘየደይበና፡ ብዘለና ትምህርቲ ንውልቀና ሰሪሕና ጽቡቕ ህይወት ከነሐልፍ ይሕሽና ቃልሲ ይትረፈና ዝብል ዝንቡዕ ኣረዳድኣ ዘለዎም ምሁራት፤

6. ብቑጽሮም ኣዝዮም ውሑዳት ግን ከኣ፡ ኣብ ኤርትራ ጽገናዊ ዘይኮነ መሰረታዊ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ክመጽእ፡ በረኣእያን ተግባርን ዓቕሞም ጸንቂቖም ዜግነታውን ምሁራውን ተራኦም ኣብ ምጽዋት ዝርከቡ ደሞክራስያውያን ምሁራትን ኢልካ ብውዱእ ዘይኮነ ብሓርፋፍ ገምጋም ዝቕመጡ'ዮም።

*ኤርትራውያን ምሁራት 'ምበኣር ነቶም ቃልሲ ይትረፈና ዝብል መንገዲ በለጽ ዝሓዙ ሓዊስካ፡ ዝበዝሑ ከበሃል ዝከኣል፡ ኣብ'ዚ ናይ ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት፡ ኣንጻር ዘቤታዊ መላኺ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክካየድ ዝጸንሐን ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ፡ ብኸምዚ ልዕል ኢሉ ተገሊጹ ዘሎ፣ ዝተኸፋፈለ፡ ኣንፈቱ ዘይንጹር፡ ብወሳኒ መልክዑ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን "ሃገር" ኣብ ትሕቲ ዝብል መደናገሪ ኣምር፡ ካብ ንጠለብ ህዝቢ ምምላስን ንድሕነት ዜጋታት ምግዳስን፡ ካብኦም ዘይትጽበዮ ንፖለቲካዊ ምስሊ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ጉጅለኡን ምቅንጃው ማእከሉ ዝገበረ ትምክሕታዊ ኣረኣእያን ግብራዊ ንጥፈታት'ዮም ከካይዱ ጸኒሖም። ከም ምሁራት ዝተነጸረ፡ ህዝባዊ ረብሓን ህዝባዊ መሰላትን ዘኽብር ፖለቲካዊ ምሕደራ ክህልወና መንገዲ ዝሕብር፡ ልዕልና ሓሳብን ልዕልና ሕግን ኣብ ኣእምሮ ኤርትራውያን ግቡእ ቦታኡ ክሕዝ ክጽዕቱ ብዘይምጽናሖምን ብኣንጻሩ ብምንባሮምን፡ ኣብ ህዝብ ሃገርን ወሪዱ ኣብ ዘሎ ኩለ-መዳያዊ ዕንወትን ምብትታንን ብውሕዱ ካብ ናይ ሕልና ወቐሰ ነጻ ኣይኮኑን'ዮም።*

*ይኹን ግን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዝተፈጸመ ጌጋ ዝተፈጥረ ናይ ሕልና ወቐሳን ኣይእረምን ማለት ኣይኮነን። ከም ምሁራት ኣብ ውሽጢ'ዚ ኣስታት ናብ* 30 *ዓመት ዝገማገም ዘሎ ንውሓት ግዜ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ንዘይርኣይዎ ዘይሓጋዚ ኣካይዳ ብግቡእ ገምጊሞም፡ ካብ'ዚ ሕጂ ኣቲናዮ ንርከብ ኣሰካፊ ኩነታት ንምውጻእ ዝሕግዝ ሓሳባት ብምምጫውን ንርእይተኦም ብተግባር ብምስናይ ቅነጥፉ እንተጀሚሮም ክኸሓሓስ ይኽእል'ዩ። ጌጋ ብጌጋ ደኣዩ ዘይእረም 'ምበር ጌጋ ብቕኑዕ ብልባዊ ጣዕሳን ነብሰ ነቐፌታን ክእረም ዝነበረ፡ ዘሎን ዝቕጽል'ዩ። ስለዚ እቶም ኣቐዲምኩም ቅኑዕ ምርጫን ቅኑዕ ፖለቲካዊ ኣንፈትን ሒዝኩም ክትዋስኡ ዝጸናሕኩም ደሞክራስያውያን ምሁራት፡ ዝይዳ ሓይሊ ፍልጠት፡ ጽፉፍ መደብ፡ ናይ ትግባረ ግዜ ወኒንኩም ብሕኑን ስምዒት ክትቅጽሉ፡ እቶም ብኣንጻሩ ዝጸናሕኩም ከኣ ኣረኣእያኹም ኣስተኻኺልኩም፡ ናብ ድሌትን ድሕነትን ህዝብኹም ወጊንኩም ምሁራት ዓቕምኹም ኣብ ረብሓ ህዝብኹም ከተውዕልዎ፡ ህዝቢ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ይጽበየኩም ኣሎ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ክብረት ህዝብኻ ሒዝካዩ። ንህዝብኻ ኣኽቢርካ'ዩ። ፖለቲካ ኤርትራ እንታይ ይመስል ኣሎ፡ ህዝቢ'ኸ ከመይ ይነብር ኣሎ ናይ ኣረኣእያ ጉዳይ እይተዘይኮይኑ ነጋሪ ኣየድልየኩምን። መፍትሒኡ ንዝምልከት'ውን ከምኡ። ስለዚ ከም ምሁራት ኣደናገርቲ ዘይኮነ ሓበርቲ ቅኑዕ ኣንፈት፡ ተዓደምቲ ዘይኮነ ዓደምቲ፡ ተጎተቲ ዘይኮነ ሰሓብቲ ኩኑ። ስለምንታይ ህዝቢ ካብ ምሁራት ደቂ መበራህቲ ለውጢ'ዩ ዝደሊ። ፍልጠት ብቕኑዕ ኣገባብ ንዝተጠቕመሉ ብሓቂ ካብ ጸልማት ዘውጽእ መብራሕቲ'ዮም፡ ንህዝብኹም መብራህቲ ሃብዎ። መዓስ ሕጂ።*

*ታሸዓይ ክፋል ይቕጽ።*

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡* 10-10-2018